# ጉዳይ ኣካለ ጉድኣት ትግራይ ንፀቢብ ፖለቲካዊ ጥቕሚ ክውዕል ኣይግባእን

ይኩኖ መስፍን
ቦስቶን

ከምቲ ዝፍለጥ ኣካለ ጉድኣት ትግራይ ንሰላም፣ ንፍትሒ፣ ንዲሞክራሲን ልምዓትን ሙሉእ ናይ ንእስነት ዕድሚኢምን ሂዎቶምን ዝሰውኡን ዝሰንከሉን ስለዝኾኑ ማንም ትግራዋይ ኮነ ድላይ ሰላምን ፍትሕን ንክጠናኸሩ ኣብ ዝግበር ኩለመዳያዊ ምንቅስቓስ ዓቕሚ ዝፈቐዶ ኩላ እናገበረ ከምዝፀንሐ ኩላትን እንፈልጦን እንዝክሮን ሓቂ እዩ:: ሕዚ'ውን ኣብ ዝሓለፉ ቁሩብ ኣዋርሕ ዘኹርዕ ስራሕ ከምዝተሰርሐ ኩላትና ኣብዚ ብንጥፈት ዘተሳተፍና ተጋሩ እንፈልጦ ክውን ተግባር ስለዝኾነ ሕዚ ኮነ ትማሊ ህዝቢ ዝተሓተቶ እናገበረ ኣብጎኒ ጉድኣት ኣሓቱን ኣሕዋቱን ጠጠው ዝበለ ምዃኑ ዘተሓትት ኣይኮነን::

ኩሉ ትግራዋይ ፖለቲካዊ ኣታሓሳስባን ሰልፍን እንተይዓገቶ እዚኦም ናይ ኩላትና ቤተሰብ እዮም፣ ናይ ኩላትና ሓበን እዮም፣ ምእንተ ህዝቢ ዝተጎድኡን ዝሰንከሉን ውፉያት ደቂ ህዝቢ ኢዮም ብምባል ሓንሳብ እንተይኮነ በተደጋጋሚ እቲ ሓሳብ እንታበይ ይምፃእ ብዘየገድስ ኣይዘኹም ኣለና ኣብጎኑኹም እናበሎም ፀኒሐ እዩ:: እዚ ስለዝኾነ ድማ ፈለማ ብክልተ ሺሕ ዓ/ም ፈረንጂ ኣብ ካናዳ ከተማ ቶሮንቶ ኣብ ዝተገበረ ናይ ማተሰአ ዓመታዊ ጉባኤ ብደ/ር የውሃንስ ገብረስላሴ መሪሕነት ህፁፅ ሓገዝ ከምዘድሊ፣ ኣብ ብጣዕሚ ኣሽጋሪ ኩነታት ከምዘለውን ዝህብር ፀብፃብ ኣቕሪቡ ናብ ምይይጥ ክቐርብ ተጌሩ ብዘይ ሓደ ውልቀሰብ ነቲ ሓሳብ ዝተቓወሞ ኣይነበረን:: ኣብቲ እዋን ዝነበረ መራሒ ሓሳብ ከምዝስዕብ ነይሩ::

<u>እቶም ተጋደልቲ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ክንቀሳቐሱ ኣይካኣሉን ብፍላይ እቶም እግሪ ዘይብሎም እቲ ባምቡላ (ኣርተፊሻል) እግሪ ኣብቲ ጭቃ ይልወስ እሞ ንሳቶም ይወድቁ እንደገና ይጉዱኡን ዝብል ነይሩ:: ልቢ ህዝብና ዘደንገፀን ሓቦ ድማ ዘዕጠቐን ነይሩ</u>::

ላዕለዎት መራሕቲ ሕወሓትን ማሕበር ጉድኣት ኣካል ትግራይን ብተጋዳላይ ኣባይ ነብሶ ዝምራሕ ጉጅለ ናብ ኣመሪካን ካናዳን ኣምሪሖም ኣብተን ዓበይቲ ከተማታት ኣመሪካን ካናዳን ናይ ሓገዝ ገንዘብ ንምትእኽኻብ ምንቅስቓስ ከምዝገበሩ ናይ ቀረባ ተዘክሮ እዩ:: በዚ መሰረት እቲ ጉጅለ ንዝተወደቡን ዘይተወደቡን ኣባላት ማሕበረሰብ ትግራይ ብምእካብን ብምዝርራብን ኣብ በቢ ኸባቢኡ ግዚያዊ ኮሚቴታት ብምቋም ሰፊሕ ስራሕ ተሰርሐ:: ዋላኳ ሐደ ሓደ ሕቶታት ተላዒሎም እንተነበሩ ንኣብነት ህወሓት ሓፍታም ድርጅት እንድዩ፣ ብቢልዮናት ዝንቃሳቐስ ትካላት ዘለዎ ውድብ እንደሃለወ ንምንታይ ነዞም ናብ ስልጣን ዝሰቐልዎ ጀጋኑ ዘይሕብሕብ:: ንምንታይ ተለምንዎም ዝብሉ ተላዒሎም ነይሮም:: እንተኾነ ግን ኣብዚ እተሳተፍና ኩላትና  እቲ ዝተላዕለ ጉዳይ ሓደነገር ኾይኑ ክለዓል ዘለዎ እኳ እንተኾነ ሕዚ ግን ሓገዝ ኣድልዩ ኢሎም መፂኦም ስለዘለው ኣብዚ ግዜ ክጠፍእ

የብሉን ብምባል ምስ ህዝብና ብዘለና ኩሉ አበርኪትናን ተሳቲፍናን ዝካአለና ኩሉ ጌርና:: እዚ ስለዝኾነ ነዚ ጉዳይ ኩላትና ክንሐብረሉ ከምዘለና ብምትእምማን ዳርጋ ኩሉ ሰብ ተስማዕሚዑ ናብ ስራሕ አተወን ተንቀሳቐሰን:: ሳላ ናይ ኩሉ ስሙርን ቅኑዕን ምንቅስቓስ ድማ  በቲ ዝተሓሰበሉን ዝተተለመሉን ሙሉእ ብሙሉእ ተዓዊቱ::

__ጉዱአትና ሓበን ህዝብና እዮም ነሕይሎም ንሓብሕቦም ዝብል ነይሩ በቢከባቢኡ::__

እወ ኩሉ ብየማን ዘሎ ብፀጋም ብሓደ ኮይኑ ታአምረኛ ስራሕ ሰሪሑ እዩ:: አብ ኩለን ከተማታት ብዝተገብረ ዑደት ልዕሊ ክልተ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ ዶላር ካብ ህዝብና ተረኺቡ ተባሂሉ ተፃሒፉ አብ ከተማ ቦስቶን ጠራሕ ብድምር ልዕሊ ልዕሊ ሓምሳን ሓሙሽተን ሺሕ አብ ኢድ ዝአተወ ልዕሊ ሰላሳን ሓሙሽተን ሽሕ ነይሩ::

እንተኾነ ግን እቶም እዚ ክሰርሑ ዝመፁ አካላት ትሑዙን እሱሩን እንተይተፈልጠ፣ ከመይ ጌርካ እቲ ዝተረፈ ገንዘብ ከምዝእከብ ኮነ ካልኦት ቀፃላይ ስራሕቲ ክስረሑ ከምዘለዎም እንተይተዘራረቡን እንተይአሰሩን ንዓዶም ተመልሱ::

እዚ ካብ በልኩ ነዚ ከልዕል ዘገደደኒ ጉዳይ ቅድም ክብል እቶም ክፍሊ ባህሊ ጉድአት ትግራይ እንትመፁ አብ ዝተገበረ ምንቅስቓስ ተሳቲፈ ብምንባረይ፣ ዳሓር ሕዚ’ውን አብ ከተማ ቦስቶን ዘተመዘዘ ግዚያዊ ኮሚቴን ምልዓዓልን መድረኽን ስለዝነበርኩ፣ እቶም ሽዑ ዝተባህሉን እተነገሩን አብ ዓዲ ዘሎ ጭቡጥ ኩነተታትን ስለዘይተጣዓዓመ ዘረአኽዎን ዘተሰማዐኒን ንመንበብቲ ንምክፋል እዩ ቀንዲ መበገስየ:: ዝኾነይኹን ሓበሬታ ድማ ብፀጋ ተቐባላይ እየ::

እተን እተገዝአ መማላለሲ አውቶብሳት አብ ክንዲ ነቶም እግሪ ዘይብሎም ተጋደልቲ ዘመላልሳ ገሊኤን ካብ መቐለ ናብ ዓዲግራት ህዝቢ ንምምልላስ አብ ከተማ መቐለ መናሃርያ ተሰሊፈን ምስረአኹ ገሪሙኒን ሓፊረን:: ብሕልመይ ድየስ ብውነይ ድዩ ዝበለ ሓጎስ ገበረሂወት? ነቲ ሹፈር እዚ ነገር ከመይ እዩ እዘን መኪና እዚኤን አብዚ እንታይ ይገብራ አለዋ ኢለ ሓቲተዮ ነይረ:: ምላሽ ዘዋሪ መኪና አነ እንታይ ዝፈልጦ አለኒ ንሰብ ዋና ጠይቕ ዝብል ነይሩ:: እታ ሓንቲ አብ ከተማ አኽሱም አብ አኽሱም ዩኒቨርስቲ ንዝሰርሑ ሰራሕተኛ መንግስቲ ክተማላልስ ብዓይነይ ምስረአኹ ሕዚ’ውን ገሪሙኒ ዶ ክብል? አኽሱም ዩኒቨርስቲ ብ ሓሙሽተ ሚኢቲ(500) ቅርሺ ንማዓልቲ ከምዝተኻረይዋን ከምዝግልገሉላን ሓቢሮምኒ:: አብ በቢ ኸባቢኡ ዘለው አባላት ማሕበር ጉዱአት ትግራይ ኩነታት ከምዝፈቐደ እናኸድኩ  አዘራሪበዮም ነይረ መብዛሕቶኦም ምንም ዝፈልጥዎ ነገር ገምዘየለ እዮም ሓቢሮምኒ:: ባአና ቡዙሕ ከምዝዝረብን ከምዝግበርን ንፈልጥ እና እንተኾነ ግን ሽግራትና ሕዚ እናዓበዩ ይኸዱ አለው ዳአምበር አይተፈትሑን ይብሉ:: እተን ዝባሃላ ዘለዋ አውቶብሳት እውን አብ ማዓለን አይዋዓላን ይብሉ:: ፀገሞም እናገደደ ከምዘሎ እውን እቶም አባላት ስግዓቶም አይሓብኡን::

__እግሪ ንዘይብሎም ተጋደልቲ ዝተገዝኣ አውቶብሳት ቅርሺ ንዘለዎ ሃፍታም የገልግላ አለዋ::__

ብዛዕባ ባዓል ተጋዳላይ ኣስመላሽ (ኣባይ ነብሶ) ዝገበርዎ ዑደትን ኣፈፃፅሙኡን እስኪ ብንኡሽቱኡ ንርአ:: እቲ ዑደት ምስተወደአ ኣተን ኣብ ኢድ ዝኣተዋ ገንዘብ ጥራሕ ሒዞም ናብ ዋሽንግቶን ዲሲ ከይዶም:: እቲ መፅባዓ ዝተኣተወ ኩሉ ብኣግባቡ ክእከብ ኣይከኣለን ምእንተምነታይ እቲ ቅብሊት(ረሲፕት) ሒዞሞ ስለዝኸዱ:: ቅብሊት ዘይብልና ከመይ ጌርና ገንዘብ ሃበና ክንብል ዝብል ሓሳብ መፂኡ:: በኢመይልን ብስልኪን ቡዙሕ ተሞኪሩ ኣነ ክሳብ ዝፍልጦ እቲ ቅብሊት ኣብ ዋሽንግቶን ዓሽጎም ገዲፎሞ ንዓዲ ከይዶም:: ኣነ ንዓዲ ካሳብ ዝኸይድ ኣብታ እዋን ብካሽ ካብዝተረከበ ገንዘብ ካሊእ ኣይተኣከበን:: ሕዚ'ውን እቲ ዝተኣተወ መፅባዓ ብኣግባቡ ክእከብ ዘይምኽኣሉ ብሓቂ ቅንዕና ዝጎደሎ ኣካይዳ ስለዝነበረ እዩ ባሃላይ እየ:: ከምዚ ዓይነት ኣሳራራሓ እውን ተጌሩ ኣይፈልጥን:: ኣማፀኦኦም ናይ ፖለቲካ ከስቢ ንምርካብ ኮነ ተባሂሉ ዝተሓሰበሉ ጉዳይ ኮይኑ ኢስማዓኒ::

እቲ ዕላማ ናይቲ ዑደት ልዕሊ ዒስራን ሓሙሽተን ሺሕ ኣባላት ጉዱኣት ተጋደልቲ ብጥርኑፍ ከምዘለው፣ ኣብዚ ማሕበር ዘይኣተው እውን ቡዝሓት ከምዘለው እሞ ክኣትውን ናይዚ ማሕበር ተጠቀምቲ ንክኾኑ ምግባር፣ እቲ ዘሎ ትካላትን ናታቶም መንቀሳቐሲ ወንበራትን ካልኦት ንዋትን እናኣረገን እናተባላሸወን ስለዝኾነ ክሕደሰሎምን ከምኡ'ውን ኣብስሮሖም ቀፃልነት ክህልዎምን ቤተሰቦምን ዓርሶምን ባዓልቶም ንክሕግዙ ምግባርን ካልኦትን እዩ ዝብል ነይሩ እቲ ዕላማ መምፂኢኦም::

ኣነ ግን ንሳቶም ዘበሉናን ኣብ ዓዲ ብተግባር ዝግበር ዘሎን ሓቂ ኮይኑ ኣይረኸብኩዎን:: ኮታስ ብኣንፃሩ ኣባላት እዚ ማሕበር ብዛዕባ ጉዳዮም እንታይ ከምዝተገበር በዜካ ናይ ተጋዳላይ ኣባይ ነብሶ ምስ ድምፂ ኣመሪካ (VOA) ዝገበሮ ቃለ መጠይቕ ዝሰምዕዎ ወረ ካሊእ ምንም ዝፈልጥዎ ነገር ከምዘይለ እዩም ዝዛረቡ::

ኣብ ከተማ ኣኽሱም ዘሎ ማእኸል ስራሕቲ ሓፂን መፂንን ዕንጨይቲን ከይደ ብኣካል ሪኤዮ ነይረ:: ኣብቲ ማእኸል ከባቢ ሰማንያን ሓሙሽተን(85) ጉዱኣት ተጋደልቲ ዝሰርሑ እንትኾን ብጣዕሚ ሰፊሕን ፅፉፍን ስራሕቲ ዓራውቲ፣ ሓፂን፣ ጣውላ፣ ኣርማዲዮ፣ ወናብር፣ ማዓፁ ኮታስ ኩሉ ንገዛ ዘድሊ ዝበለ ኣብኡ ብዕፈትን ብፅርየትን ይስራሕ:: ብጣዕሚ ፅርየቱ ዝሓለወ ኣብልዕሊ ምኳኑ እትደልዮ ነገር በቕፀራ እንበር ኬድካ ኣይርከብን::

ኣብቲ ማእኸል ኩሎም ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ስራህ ክፍፍሎምን ክእለቶምን ተፀሚዶም ብትግሃት እንትሰርሑ ትሪኢ:: ገሊኦም ውቀያም እኳ ከቢድ እንተኾነ ብጥበብን ክእለትን ካሊእ ክሰርሖ ዘይኽእል ክሰርሑ ክትሪኢ ከለኻ ትሕጎስን ትሕበንን:: ደቂኣንስትዮ ማዕረ ምስ ብ}ኦተን ኣብ እተፈላለየ ናይስራሕ ዓውዲ ተፀሚደን በትግሃትን ፍፁም ዓርሰ እምነትን እንትሰርሓ ትዕዘብ:: በዚ ብጣዕሚ ዘሕጉስ ተግባር ተመሲጠ እናተዘዋወርና እንትንሪኢ እቲ ዘይተፀበኹዎን ብጣዕሚ ዘደንግፅን ዘስደምምን ዜና ሰማዕኹ:: ንኹሉ ዘደንግፅን ዘሕዝንን:: ፍትሒ ከንግሱ ዝተጋደሉን ዘተጎዱኡን ንባዕልቶም ፍትሒ እንትስእኑ እነታይ ይባሃል?



ካብዚ ትካል ክባረር ካብዝተወሰኖም ጉዱእ ተጋዳላይ

ኣብ ኲናት ዓዲ ገዘሞ እግሩ ዝሰኣነ ጅግና እዩ ሕርቃንን ሓቦን ዝተፈራረቖ ስሚዒት ኣብ ገፁ ይረአ ነይሩ:: ባዓል ሓዳርን ኣቦ ቖልዑን እዩ:: ንውሕ ንዝበለ ግዜ ብዛዕባ ስራሕ፣ናብራን ካልኦትን ድሕሪ ምጥያቐይ ኣብ ኣሚሪካን ካናዳን ብዛዕባ ዝተገበረ ምንቅስቓስ ብሓፂሩ ኣዘንተኹሉ:: ከመይ ትሪኡዎ ኢለውን ሓተትኩዎ? ሰሚዕኻ እቲ ትብሎ ዘለኻ ነዓይ ሓዱሽ እዩ:: ኣብዚ ትካል ካብ እንሰርሕ ግዱኣት ኣካል ተጋደልቲ ዒስራን ኣረባዕተን (24) ሰባት ከብዚ ትካል ተባሪርና ኣለና በለ:: ምኽንያት ሓተትኩዎ እንትምልስ እዚ ትካል ናብ ነፃ ኢንዱውመንት ክኣቱ ስለዝኾነ (ናብ ትእምት ማለቱ እዩ) ንስኹም በግልኹም ስራሕ ደሊኹም እተው ኢና ተባሂልና እቶም ዓሰርተ (10) ዛጊድ ወፂኦም ኣለው ዝተረፍና'ውን ናይ ሰሙን ዕድል እዩ ተዋሂቡና ዘሎ ምስበለኒ እንታይ ክስመዓኒ ከምዝኽእል ልክዕ ከምታ ነምንበብቲ ክትሰመዓኩም እትኽል ንምእማኑ ዘፀግም መስደመም ኮነኒ::

ምእማን እውን ስለዘፀገመኒ ናብቲ ካሊእ ወገን ኮይኖም ዝሰርሑ ዘነበሩ ተጋደልቲ ከይደ ዝሰርሕዎ ዝነበሩ ድሕሪ ምዕዛበይ ሰላምታ ተላዋዊጥና ንደቓይቕ ተዘራረብና እቲ ዝሰማዕኹዎ ደጊመ ሓተትኩዎ:: ውቁዑ ብኑፁር ኣይፍለጥን ባዕሉ እንተዘይነጊሩካ ጉስቁል ኢሉ ማእኸላይ ቁመት ዘለዎ ቅጥን ዝበለ ካሊእ ጅግና:: እወ ተነጊሩና እዩ:: እንታይ ከም እንገብር እውን ኣይንፈልጥን እዩ ዝበለ:: ንሱ'ውን ከም ቡፆቱ ባዓል ሙሉእ ሓላፍነት ሃረኳት ሰራሕተኛን ርግእ ዘበለ ቡዙሕ ዘይዛረብ ግን ድማ ቡዙሕ ከምዘሎ ዘይሓብእ መስተዋዕሊ እዩ::



እቲ ዝተባህለ ምንግስቲ ባዓቕሙ ይገብር ኣሎ ህዝቢ እውን እንተሓጊዙዎም ብዘተኣማምን ድረጃ ናብሮኦም ከማሓይሹ እዮም ስለዝነበረ ኩሉ ሰብ ብፀጋ ተቐቢሉ ዝከኣሎ ኩሉ ምስገበረ ብምንታይ ምኽንያት ኣብ ውሽጢ ኣዋርሕ ከምዚ ዓይነት ግፍዒ ክፍፀም ይኽእል? ትካል ኣካለ ጉድኣት ትግራይ ናብ ትእምት (ትካል እግሪ ምትካል ትግራይ) ክኣቱ ኣለዎ ማለት እንታይ ማለት እዩ? መራሕቲ ናይዚ ትካል ከ እነታይ በሉ? ነገሩማ ወደኮይ ወዲ ሓፍቲ ኮሎምይዶ ሓንቲ ድዩ ዝተባህለ? መንግስቲን ውድብን ናይ መንግስቲን ናይ ውድብን ትካላት ኮነ ስራሕ ቆፀርትን መባረርትን ባዕልቶም እዮም:: ንጉስ ኣይኽሰስ ሰማይ ኣይሕረስ::

ትእምት ብዝምልከት ህዝቢ ትግራይ እንታይ ከምዝብል መራሕቲ ህወሓት/ኢህወዴግ/ ስለዘይፈልጡ ኣይመስለንን:: ይፈልጡ እዮም ግና ነዓዓቶምን ቤተሰቦምን ክሳብ ዘይነኽአ እንታይ ጉዳዮም:: ትእምት ናይ ውሑዳት ላዕለዎት ናይ መንግስቲ  መራሕቲ ጁባ ዘሕበጠ፣ ውሕዳት እናተቐባበሉ ዝሸወሙሉን ዝዓብዩሉን፣ ኣየናይ ናይ መንግስቲ ባዓል ስልጣን ኣየናይ ናይ ትካል ሓላፊ ሓላፊ ዘይፍለጥ፣ ውሑዳት ክልተ ሰለስተ ዓይነት ዶመዝ ዝወስዱሉ ትካል መኳኑ ህዝቢ ትግራይ ኣፀቢቑ ዝፈልጥ ብሹሙ ዝንገዶ ዘሎ ምኳኑ ኣስሚሩ ይፈልጥ እዩ:: ህዝቢ ትግራይን ተማሃሮ መቐለ ዩኒቨርስቲ ትእምት ናይ መን እዩ? ናይ ህዝቢ እንተኾይኑ ንምንታይ ህዝቢ ዝደለዮ ማራሕቲ ኣቐሚጡ ባዕሉ ክቆፃፀሮ ዘይኽእል ንዝብል ሕቶ መራሕቲ ውድብ ህወሓት ፀማም እዝኒ ሂቦሞ ከምዝሓልፉ ኩሉ ሰብ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ:: ሓደ ናይ ሃገር ሕግን ፖሊሲን ዘውፅእ  ኣካል መራሒ ምንግስቲ ኮይኑ፣ መራሒ ውድብ ኮይኑ መራሒን ወናኒን ትካል ክኸውን ግን ፍፁም ኣይካኣልን:: ክለቲኡ ባሓደ ክኸይድ ስለዘይኽእልን ስለዝፃባእን::

ሓደ ምላሽ ግን ኣሎ ትእምት ንልዕሊ ዒስራ ሺሕ መናእሰይ ስራሕ ከፊታ እያ:: እሞ እንታብዚ ቁፅሪ ንላዕሊ ዝቖፀሩን ኣብ ቡዙሕ ናይ ሃገር ጉዳይ ኢዶም ዘእተውን ውልቀ ሃፋትም ከም ባዓል ሸኽ ኣላሙዲን ዳኣ እንታይ ክብሉ እዮም? ካብቲ ትካል ሽሙ ጀሚሩ ክሳብ ኣፈጣጥሩኡን ዕላምኡን ነዚ እንተነይሩ መንበብቲ ፍረድዎ:: ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ህወሐት ዘይኣመነን ዘይተቐበለን ትግራዋይ ዘይቕበል ትካል ምኳኑ ዝጠፍኦ ሰብ የለን:: ናይ ባዕሎም ድምፂ እናሰምዑ ብጀካና ሰብ የለን፣ ካባና ንላዕሊ ነዓዲ ዝሓስብ የለን፣ ዝኾነ ይኹን ናይ ፖለቲካ ፓርቲ እውን ብፍላይ ኣብ ትግራይ ክህሉ የብሉን፣ ኮታስ ሕዚ ዝኒሀ ምንቅስቓስ ኩሉ ህዝቢ ትግራይ ኣባል ክኸውን ኣለዎ ዝብል ወፍሪ ኢዩ:: ኣብ ትግራይ ውድብ መንግስቲ ህዝቢ ሓደ ክኾኑ ምድላይን ንተግባራውነቱ ድማ ለይቲን ቀትርን ኣብ ምጉስጓስ ይርከቡ::

ተቓዋማይ ዘይብልካ ናይ ሕልፈት መንግስቲ ምኳን ስለዝኾነ ናይ ሎሚ መራሕቲ መን ክልተ ቪላን ፎቕን ሰሪሐ ቅድድም ዳኣምበር ህዝብን ጉዱእ ተጋዳላይንስ ብድኽነትን ዕዳ ማረትን ከምተኣሰሩ ክረኢ ዝኽእል ሞራልን ህልናን የብሎምን:: ዕጫን ዕድልን ጉዳኣት ኣካል ትግራይ እውን እዚኣን እዚኣን ጥራሕ እያ:: ዝተደርበየ ተደርብዩ ማዓልታዊ ሂወቱ ኣብ ውሑዳት ሓለፍቲ ወዲቑ ሎሚ ኸ መን ይቕፅል እናበለ ምፅባይ ጥራሕ እዩ::

ኣብ መወዳእታ ክበሃል ዝግበኦ ዝመስለኒ እቶም ዝተገፉዑን ዝግፊዑ ዘለዉን ጀጋኑ ናብ ስረሖም ክምለሱን ናብሮኦምን ደቆምን ካኣልዩን ይግድሸኒ እዩ ዝብል ወዲ ሃገር ኩሉ ድምፁ ከስምዕ ይግባእ:: እዞም ጀጋኑ እዚኦም እንኳዕ ዶ ሰሪሖምስ እንተይሰርሑ ከንብሮም ዝኽእል እኹል ካሕሳ ተዋሂቡዎም ብኽብሪን ብምዓርግን ክነበሩ እዩ ዝግባእ ነይሩ:: ስለዚ ኣብቀረባ ኮይኑ ሽግሮምን ኩነታቶምን ክከታተል ዝኽእል ሓላፍነት ዝስሞየ መሪሕ ኣካል ተቐሚጡሎም ምስ ህዝቦም ኮይኖም ናይ ቅድሚት ዕድሎምን ሂዎቶምን ክሪኡሉ ዝኽእሉ ኩነታት ክፍጠረሎም ዝድለ እንተኾይኑ ዓገብ ዝብል ድምፂ ካብ ኩሉ ኩርናዕ ክጋዋሕ ኣለዎ:: ብኣባህላ ወለዲ ሓሳበይ ንሎሚ ኣብዚ ክዓፁ:: *ንዋሃቢ ፃባ ኣይኸላእን ማጨባ::*

*ሰናይ ይግጠመና!!*
*ፍትሒ ንህዝብና!!*